# ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ኡልምን ከባቢኡን
# ዕዉት ህዝባዊ መኽተ ኣካይዶም

***ኣብ ከተማ ኡልም ጀርመን ዝነብሩ ኤርትራውያን ጥምረቶምን ውዳበኦምን ብምሕያል ተሳትፎኦም ኣብ ኩሉ ሃገራዊ መደባት ብሓፈሻ፣ ኣብ ወፍሪ ቍጠባዊ ልምዓት ድማ ብፍላይ ክብ ከምዘብሉ ኣብቲ ብዕለት 27.04.2013 ዘቃንዕዎ ኣኼባ ኣረጋጊጾም።***



*መደብ መኽተ ብዝኽሪ ሰማእታት ብድሕሪ ምኽፋት ፡ ኣወሃሃድቲ ሸማግለታት ከተማ ኡልም ኣቦ ወንበር ማ/ኮም ኡልም ኣቶ ሃብታይ ንኣምንን፣ ኣቦ ወንበር ህ.ግ.ደ.ፍ.ን ከተማ ኡልም ኣቶ ሃብታይ ገ/እግዚኣብሄርን ሸማግለ ማ/ኮም ኣብርሃም ገብራይን ኣወሃሂዶም ኣብ ዘቕረብዎ መግለጺ ፤ ኣብ ታሪኻዊ ኣመዳድኣ መኽተ ህዝቢ ኤርትራን ዝሓለፎ መሰናኽሎታትን ዝተዓወትሉ ብድሆታታን ፤ ኣብቲ ብመንግስትና ኣብ ምዕባለ ሃገርናን ቍጠባዊ ዕቤትናን ወፍርን ፡ ኤርትራዊ ዜጋ ወናኒ ጸጋታቱ ንኽኸውን ዝዕድሞ ዘሎ ሃገራዊ መኣዲ ፡ ተሳተፍነት ዜጋታት ንኽዓቢ ዘተባብዕ ኮይኑ ፤ ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ኡልም ከም ወትሩ ሓድነቶም ኣደልዲሎም ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ንዝዋፈሩ ሃሱሳትን ከዳዓትን ፡ ብንቕሓትን ብጽንዓትን ክይተሓለሉ ክንምክትዎ ምኳኖም ዘረጋግጽ ጽሑፋት ኣቕረቡ።*

*ሰዒቡ ኣባል ፈጻሚት ሸማግለ መኽተ ጀርመን ኣቶ ዮውሃንስ ርእሶም፣ ካብ ሽ/መኽተ ጀርመን ተላእኮ ናይ ደገፍ መልእኽቲ ብድሕሪ ምቕራብ ፡ "መድያን ተርኡ ኣብ ስነ ኣእሙራዊ ኩናት" ዘርእስቱ ሰፊሕ እዋናዊ ኣስተምህሮ ሃበ።*



*ብኣቶ ደበሳይ ዘሙይ ድማ "ንሕድነትናን ንፍትሓውያን ማሕበረትና ከጥፍኡ ዝህቅኑን ኣብ ዝጥቀምሉ ረቀቕቲ ኣዕነውቲ ሜላታት ጸላእቲ ንጠንቀቐሎም " ኣብ ዝብል ኣርእስቲ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕረበ።*

*በዚ ኣጋጣሚ ከም እቶም ወትሩ ግዱሳትን ጉዳይ ሃገር ኣብ ቀዳማይ ደርጃ ዝሰርዑን ሃገራውያን ተቐማጦ ሽቱትጋርት ፡ መርኣያ ሓድነቶምን ኣብቲ ተኻየደ ናይ ከተማ ኡልም ኣኼባ ብምስታፍ፣ ናይ ደገፍ መልእኽትን ፡ ሃናጺ ሃገራዊ መልእኽቲ ኣቕረቡ።*

*ኣብ መደምደምታ ተሳተፍቲ ኣኼባ ሃናጺ ርእይቶታት ብምቕራብ ፡ ክፋት ዘተ ፡ ብድሕሪ ምክያድ ፡ ሎሚ ውን ከምትማሊ ፡ እዛ ሓድጊ ጀጋኑ ሰማእታትና ዝኾነት እንኮ ሃገርና ብውዲትን ጠላማትን ጽንጽያ ዓይና ከንፍሩላ ኣይነፍቅድን ኢና ! ኣብ ራህዋ ይኹን ኣብ ጸበባ፣ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት፣ ኣብ ጐኒ ህዝብናን መንግስትናን ደው ንብል ብዝብል ውህደት ንመኽተ ንጥፈታቶም ዝድርዕ ኣገደስቲ ውሳነታት ኣሕሊፎም።*

1. ሰላምን ዕብየትን ናይ ህዝቢ ኤርትራ ዘይደልዩ ፡ ንነኣሽቱ ፍጻመታት ኣተዓባብዮምን ዘይትርጉሙን ትንታኔኡን ሂቦም ፡ ዘይነበረን ዘይተገብረን ፍጻሜታት እናደረሱ ፡ ብስነ-ኣእምሮኣዊ ኲናት ኣብ ህዝቢ ናዕብን ፍልልያትን ከሳውሩ ኣብ ህርድግ ዝርከቡ ደመኛታት ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ፡ ኣትሪርና ንኹንን ፡

2. ዓይኖም ሰለም ከየበሉ ፡ ብሓደ ኢዶም ኣፍራዛ ሃገር ንምልማዕ ፡ በቲ ካልእ ንልዑላዊ መሬትና ከይደፈር ኣብሓለዋ ዝርከቡ ምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ እናመጒስና ወትሩ ኣብ ጐደኖም ከም ዘሎና ደጊምና ነረጋግጽ ፡

3. ቀጠባዊ ዕብየት ሃገርናን ፡ ምስኡ ንዝረጋገጽ ሰላምን ቅሳነትን ፡ ክርእዩ ዘይወሓጠሎም ተጻባእቲ ፡ ቀጠባዊ ጉዕዞና ንምኹላፍ ዝፍሕስዎ ዘለዉ ዝተፈላለየን ኣደናጋሪ ሓሶትን ጸለመን ፡ ኣትሪርና ንኹንን ፡

4. መንግስትና ካብ'ቲ ዞባውን ኣህጉራውን ምትሕብባር ዝብል ቅኑዕ መትከሉ ተበጊሱ ፡ ምእንቲ ሰላምን ምሕዝነትን ኣብ ከባቢና ዘካይዶ ዘሎ ውሕሉል ዲፕሎማሲያዊ ኣተሓሕዛ እናመጐስና ፤ እቲ ኣብ ክንዲ ሰላም ህውከት ፡ ኣብ ክንዲ ምዕባለ ከበሮ ኲናት ዝድስቕ ፡ ንኣህጉራዊ ሕግን ብይንን ረጊጹ ዘሎ ስርዓት ወያነ ብህጹጽ ካብ ልዑላዊ መሬትና ክወጽእ ደጊምና ነትሓሳስብ ፡

5. ከምቲ ``ጭጉራፍሲ ንባዕላ ወቒዓ ተእዊ`` ዝበሃል እቶም በቲ ኣብ መንእሰያትና ኣብ በረኻታት ሲናይ ዝበጽሖም ዘሎ ኣደራዕ ፡ ቀንዲ ትሓተትን ሃዋርያት ጥፍኣትን ክንሶም ፡ ደይ መደይ ኢሎም ንመንግስቲ ኤርትራ ከላግቡን ብምግሃስ ሰብኣዊ-መሰል ክኸስዎ ዝህቅኑ ዘለዉ ከንቱ ፈተነታት ኣጥቢቕና ንኹንን ፡

6. መንግስትና ብቀጻሊ ክጠልቦ ንዝጸንሐ ሃናጺ ጽምዶ ሃገረ ጀርመንን ሕብረት ኣውሮጳን እናደገፍና ፡ ሕብረት ኣውሮጳ ከም ኣውሓሲት ውዕል ኣልጀርስ መጠን ንተግባራውነት ውዕል ኣልጀርስ ሓላፍነታ ከተልዕል ደጊምና ንጽውዕ፡

7. እቲ ጭብጥን መርትዖን ዘይብሉ ዘሕንኽ ዓማጺ እገዳ §1907 ን§2023 ዝፍለጥ ብዘይ ውዓል ሕደር ክልዓል ንጽውዕ

8. መንግስቲ ኤርትራ ኣህጉራዊ ሕጊ ተኸቲሉ መሰል ዜጋታቱ ንምኽባርን ወጽዕኦም ንምውጋድን ዘካይዶ ዘሎ ጻዕርታት እናደገፍና ፡ ነቲ ውጥን መንግስትና ፡ ኣብ ነብስኻ ምኽኣል ምርኩስ ብምግባር ፡ ዘሰላስሎ ዘሎ ናይ ነጥበ-መቐይሮ ውህሉል ቀጠባዊ ዕብየት እናኣደነቕና ፡ ኣብ'ቲ ተሪፉ ዘሎ ሃገራዊ ዕማም ከም ዜጋታት እጃምና ከነበርክት ቅሩብነትና ነረጋግጽ ፡

9. ኣብ ጐድኒ ህዝብናን መንግስትናን ኰይንና ከም ወትሩ ውዲቶም ንምፍሻል ሎሚ'ውን መኸተና ከነዛይድ ድሉውነትና ነረጋግጽ ፡

ናይ ሓባር ውሳኔታት ብድሕሪ ምሕላፍ ፍትውቲ ሃገርና ኤርትራ ! ሓንቲ ሃገር ኮይና ፡ ናይ ትሽዓተ ብሄራት ፡ ትሽዓተ ቋንቋታት፡ ትሽዓተ ባህልታት ፡ ደቂ ሓደ ልቢ ፡ ሓደ ዓላማ ፡ ሓደ መጻኢ ዘለዎ ህዝቢ እትሓቑፍ ሓላል መሬት ፡ ሓድነትና ከምወትሩ ኣደልዲልና ፡ ንዝተዋህበና ሕደሪ ፡ አእጃምና ከምእነበርክት ደጊምና ነረገግጽ ኣሎና ብምባል ህዝባዊ መኸተ ኣብ ከተማ ኡልም ብዓወት ተዛዘመ።

ክብርን መጐስን ንጀጋኑ ሰማእታትና !
ዓወት ንሓፋሽ
ኣወሃሃት ሸማግለ ከተማ ኡልም ምስ ግዱሳት ኤርትራያን ነበርቲ ከተማ ኡልምን ከባቢኣን
ዕለት 27.04.2013